ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

حزب النهضة الإرتري

Eritrean Nahda Party

**ሓቂ ብኽሳዳ እንተሓበእካያ ብእግራ ትቕልቀል**

**ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ጨንፈር መዓስከራት ኢትዮጵያ**

24/03/2016



ንሕና ኣባላት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ጨንፈር ማዓስከራት፡

- ሽረ
- ሽመልባ
- ማይ-ዓይኒ
- ዓዲ ሓርሽን
- ሕንጻጽን

ኣብ ኣቦ-ወንበር ማእከላይ ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ተጋዳላይ ኑር ማሓመድ ኢድሪስን ካልኦት ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት ዝተፈጸመ ገበን ብሓይሊ ንኹንን።

እቲ ኣብ መስከረም ብጉጅለ ዓብድልራሕማን ተለጢፉ ዘሎ ናይ ጸለመ ጉስጓስ ንሕና ኣባላት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ክንከታተሎ ጸኒሕና ኢና።

ኣቶ ዓብድልራሕማን ጣሃ ቀርበት ናይ ጀበርቲ ተኸዲኑ ንተጋዳላይ ኑርን ካልኦት ኣባላት መሪሕነትን ከጸልም ምፍታኑ፡ ሓቂስ ብርእሳ እንተሓባእካያ ብእግራ ትቕልቀል፡ ክንብሎ ንፈቱ። ከምዚ ከማኻ ዝኣመሰሉ ከዳዓት ኣብ ሕብረተ-ሰብ ጀበርቲ ጭራስ ቦታ የብሉን።

ሕጂውን ከነረጋግጾ ንደሊ መልእክቲ እንተሃለወ፡ ንልዕሊ ዓስርተ ዓመት ዝተቃለስናሉ ውድብና መታን ሓድነቱ ክረጋገጽ ንሕና መሰረታት ጨንፈር ማዓስከራት ኢትዮጵያ ነቲ ዘይሕጋዊ ኣዋጅ ብሙሉኡ ንነጽጎ። ዓብድልራሕማን ጣሃን ሰዓብቱን ካብ መዝነቶም ወሪዶም ግቡእ መቕጻዕቶም ክወስዱ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ከምዚ ዓይነት ገበናት ከይፍጸም ሰልፍና ኣብ መሪሕነቱን ኣባላቱን ውሕስነት ክገብር ይግባእ።

ኣብ መጨረሽታ ድማ ነዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ከነማሓላልፍ ንፈቱ፡-

- ነቲ ሓድነት ሰልፍና ዘውሕስ ዋዕላ ሙሉእ ድጋፍና ንሕብር፡
- ተጋዳላይ ኑር ማሓመድ ኢድሪስ ኣብነትናን ማራሒናን ሙዃኑ ነረጋግጽ፡

ሓይልና ኣብ ሓድነትና

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ጨንፈር ማዓስከራት ኢትዮጵያ